***ዝገብር ነዱኡ ነይነግር***
***ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ***
*ብ,በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ንህዝቢ እንተ ዘይሐተቱ እቅሬታ*
*ነቶም ንጥፍኣት ህዝብና ዝብሉ ቱታ*
*ብጀካ ስምዕታ ደጊም የሎን መጻዋዕታ..*

*ዝገብር ነዲኡ ነይነግር*
*ናይ ግድን ዩ ክንሕርን ክንድር*
*ንመጽነትና ኣእጋሮም ክሰብር..*

*ብስርሒት ሮማ ኑኡስ ምስ ዓቢ*
*ብውሽጢን ብደገን ኮይኑ መዛረቢ*
*ብኣኹም ተሐቢኑ ናይ ኤርትራ ህዝቢ..*


*ስርሒት ሮማ ንህዝብና ብስራት*
*ስንባደ ንጀነራላት ንምንስተራት*
*ራዕዲ ኣትይዎም ንዑስባት ከዳዓት..*

*ዓይኒ ከዳዕ ነባዕ*
*ንመራሒ ጭፍራ እወ ተካል ስማዕ*
*ንፈደይቲ ሕነ ክብሎም ኣገናዕ ኣገናዕ*




*ኢዶም ምስ ተፈደዩ ጉጅለ ከዳዕ*
*ሕጂ ዶ ይሐይሽ ዝርንዝሕ ምንባዕ..*

*ሮቡዕ መዓልቲ ጅግንነት ተፈጺሙ*





*ማንኪን ፍስሐጼን ምስ ተገሰሙ*
*ተጠሊዑ የእዋዩ ሐኸሊ ድሙ..*

*ደጊም ፍስሐጼን ጳውሎስ*
*ኣብ ሮማ ወኪል ድያብሎስ*
*ሐንጎልካ ዶ ናብ ንብር ከይምለስ..*

*ጭጉራፍ ሃሪማ ተእዊ*

ኢሰያስ ግብረ ሸበራዊ
ንጥፍኣት ህዝቢ ዝኣጉድ ሓዊ
ግደፍዎ ምስ ጉጅልኡ የእዊ..

ህልቀት 369 መንእሰያት መዓስ ረሲዕናዮ

ኤርትራዊያን ኣይኮኑን ኢልካ ዝኸሓድካዮ
ማንኪ ንስኻ ምስ ጉጅለኻ እንተ ረሳዕካዮ..

ህዝቢ ከጥፍኡ ሓዊ እንዳ ኣጎዱ
ንህልቀት ላምፒዱዛ ከም ዘይከሓዱ
ሕጂ ናትና ሃቡና ይብለ ገንዘብ ክወስዱ..

ህግደፍ ሕጊ ከይተማህሩ ፈራዶ
ኣታ ሓላል ህዝቢ ረኺብካ ጋዶ
ሃገር ብዘይ ህዝቢ ከትርፍዎ ባዶ..

ማንኪ ብሂወትካ ቃንዛ ፈትኖ
ምስ ወዲ ሓትነኻ መን ኣመኖ
ብሰንክኹም ኣደታት ጸሊም ተኸዲነን ዲኖ..

የማነ ማንኪ እወ ግደኻ ትበኪ
ጩፍራ ህግደፍ እኩብት በትኪ
ክሳብ ማዓስ ህዝቢ ብኣኹም ክበኪ..

ንጀጋኑ ክገብረሎም ናቶም
ክብለኩም ዶ ፈደይቲ ሕነ
ዓገብ ተባሂሉ ምስማዕ ዝሰኣነ
ኢዱ ረኺባቶ ንማኪ ኣየቕሰነ..

ኣጆኹም ኣጆና ሕጂ ግርም
ምስ ኢሰያስ ንዓዓበይቶም
እግረ እግሮም ሲኢብካ ግስም..

ኢድ ሸናሒት ጸናሒት
ሮማ ብናይ ጀጋኑ ስርሒት
ማንኪ ወዲቑ ብጽፍዒት..

ክንደይ ቆልዑ ዘኸቲሞም በኣኻ

ህዝቢ ኤርትራ እንዳ ረኣየካ
ኣብ ከተማ ኣስመራ ክትወድቕ ነሩካ..

ኣስመራ ናይ ኤርትራ ግርማ
ርእሲ ከተማና እወ ፒኮሎ ሮማ
ኣብ ሮማ ተፈሪዶም ደቂ ማማ..

ተማሃሮ ማንኪ ተረዲእኩም ዶ
ኣብ ኩሉ ኣለና ኣይበልናን ዶ
ኢዶም ረኺባቶም ናይ ሰብ ንጋዶ..

ሑጹባት መዓንጣ ኣለዉና ጀጋኑ
ንገለ ኢዱ ንገለ ርእሱ ዝብትኑ
ንኹሉ መዓልቱ ከም ዘለዎ እመኑ,
መንእሰይ ዉሑድ ዶ ተጸሚሙ
ህግደፍ ግደኹም ሕዘኑ ቋዝሙ..

ዲል ስኢኑ እንበር ንኹሉ መረርዎ
ንማንኪ ማህረምቲ እኳ ዋሒድዎ
ንለኣኺኡ ጊደኻ ተሪፉ ተናዘዝ በልዎ..

ካብ ምብራቕ ንምዕራብ
ምስ ጉጅለ ህግደፍ ምርብራብ
ኣብ መወዳእታ ዓወት ንምርካብ..

ጠበቓታት ክንገብረሎም
ኣብ ጎንኹም ኣለና ንበሎም
ኢደይ ኢድካ ንበል ሕጂ
ንመጽነትና ክነርግጾም ፈንጂ..

ስራሕኩም ይኹን ብጥንቃቐ
መወዳእቱኡ ክኸውን ዝጸበቐ
ኩሉ ክትንተ ፪ ጸሐይና ምስ በረቐ..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ስዉኣትና
ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና
ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይበረልና..